# ልደት

## 28 ታሕሣሥ 2016 ዓ.ም. (1/7/2024)

### እንሆ ንኹሉ ሕዝቢ ዚኸውን ዓቢይ ሓጎስ አበስረኩም አሎኹ እሞ አይትፍርሁ

**መዝሙር:** ይሠርቅ ኮኮብ እም ያዕቆብ... ካብ ያዕቆብ ኮኾብ ክወጽእ እዩ፥ ካብ እስራኤል ኃጢአት ከጥፍእ እዩ፥ አነ በዥረይ ኽገብሮ እየ ካብ ኩሎም ነገስታት ምድሪ ልዑል እዩ፥ ንኹላ ምድሪን አብ ልዕሊ ኹሉ አድባራት ምስክር ክኸውን እዩ። ሎሚ አብ ሰማያት ሰራዊት መላእኽቲ ይሕጎሱ፥ አነ ኸአ በዥረይ ክገብሮ እየ አነ ኸአ በዥረይ ክገብሮ እየ።

**ንባባት:** ዕብ 1፡1-6፥ 1ዮሓ1፡5-ፍ፥ ግ.ሓ.13፡16-27፥ ዮሓ1፡1-18።

ስብከት፡ወአነሂ በኲርየ እረስዮ። ወልዑል ውእቱ እም ነገስተ ምድር፥ ወለዓለም አዓቅብ ሣህልየ። አነ እውን በዥረይ ክገብሮ እየ፥ ንሱ ኻብ ነገሥታት ልዕል ዝበለ ኺኸውን እዩ፥ነቲ ዘተስፈኽዎ ምሕረት ንዘለዓለም ክሕልወሉ እየ፥ ኪዳነይ ከጽንዓሉ እየ መዝ. 89፡27-28።

ልደት መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ፍሉይ ሓጎስ ተስፋ ዝህብ ልዕሊ ኹሉ ሓዲስ ርክብ ምስ ፈጣሪና ዘምጽእ ስለዝኾነ ዓመት ዓመት ዝያዳ ምቅርራብ ብምግባር ነብዕሎ። ምቅርራብና ንሥጋና ዝለበሰ ሓውና ኮይኑ ንዝቐረበና አምላኽ ስለ ዝኾነ ፍሉይ እዩ። ንሓደ ዓለማዊ ጉዳይ ዘይኮነ ጉዳይ ሕይወት ነፍስወከፍና እዩ። ሽለል ኢልካ እትጸንሖ ጉዳይ አይኮነን ብነፍስን ሥጋን ተሰናዲኻ እሞ አብ ሕይወትካ ክተብዕሎ ዝግድድ ብዓል እዩ።

አብዚ ዕለት እግዚአብሔር ንዝወደቐ ፍጡር ከድሕን ዝገበሮ፥ንአና ከተንስእ ዘገበሮ ናይ ፍቕሪ ሥራሕ ንዝክር። አብ ታሪኽ ደቂ ሰብ ሓዲስ ነገር ተገሩ፥ ሓዲስ ተርእዮ ተገሊጹ። ካብ ሕጂ ንድሓር ንሰባት ጽምዋ አይክገጥሞምን እዩ። እግዚአብሔር ናይ ደቂ ሰብ ዝኽትምና ጽምዋ ክቕይሮ ደልዩ። ንርእሱ ክህበና ቃል ሥጋ ኮነ፥ እዚ ቃል አብ ማሕፀን ድንግል ሓዲሩ ሥጋ ለቢሱ ከም ኩልና መዋቲ በራሲ ሥጋ ለቢሱ ሓዲስ ሕይወት ጀሚሩ። ልደት ብዝያዳ ናትና ብዓል ወይ ንአና ብዝያዳ ዝርኢ እዩ። ብዛዕባ ኢየሱስ ጥራሕ አይኮነን።

ምስጢር አምላኽ አብዚ ዝተወልደ ሕጻን አተኲሩ ንሱ መግለጽን ተስፋን እግዚአብሔር እዩ። አምላኽ ንህዝቡ ክበጽሖም ደልዩ እዚ ኸአ ብሕልሚ ወይ ብነብያት ዘይኮነ ባዕሉ ሰብ ብምኳን ተጋሂዱ። እቲ አብ ሰማያት ዝነብር አምላኽ ሓዲስ አድራሻ ወይ ቦታ ምሂዙ። ተንድኡ አብ ማእከልና ተኺሉ። ምስጢር ተፈጥሮና ክንርዳእ ምእንቲ አብ መንገና ኮይኑ ንምስጢር አብኡ ብዝያዳ ገሊጹልና። ፍቕሪ ዝባሕርዩ አምላኽ እምብአር ብክርስቶስ እንታይነቱ ገሊጹልና።

አብ ነፍስወከፍ ልደት እንሰምዖ ሓደ ቃል እዩ ንሕና ግን ዝተፈላለና ኢና። ዓለምና ዝተፈለ እዩ። ተዘክሮና ይሃስስ፥ ተስፋና ዝፈታተኖ ይገጥሞ፥ ፍቕርና ንሓዲስ መገዲ ይጽውዕ። እንታይ ሓዲስ ነገራት ገጢሙ፥ እንታይ ዘሕዝን ነገራት ተጓኒፉ ብዘየገድስ ተዘክሮ ልደት ተኽእሎ ንሓዲስ ምውላድ ንናይ ነፍሲወከፍና ዝጽውዕ እዩ። ነገራት ዝተፈላለዩ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም ልደት ግን ተስፋ ንሓዲስ ሕይወት ይህብ ምኽንያቱ ምውላድ ናይ ወዲ እምላኽ ስለ ዝኾነ። ተሳተፍቲ ልደቱ ክንከውን ከምብሓዲስ ክንውለድ አሎና። እዚ እዩ ምስጢር ብዓልና። ንዝአረገ ጠባያትና

ንዝደኸመ መንፈስና ክንሕድሶ፥ ከም ዝጨብጨበ ኦም ኣብ ሕይወትናን ሕይወት ኣሕወትናን ሓዲስ ተስፋን ኲነትን ክንፈጥር።

ምውላድ ናይ ነፍሲወከፍ ሕፃን ህያብ ሕይወት እዩ። ናይ ኣምላኽ ቀዳማይ በረኸት ኣብ ፍጥረት እንተ ረኣና ህያብ ሕይወት እዩ። ኣብ ሕፃናት ህያባት ኣምላኽ ክንርኢ ንኽእል። ሕፃን ሕይወት ክረክብ ዘይሓተተ ህያብ ሕይወት ይውሃቦ ምስተዋህቦ ይዓቢ፥ ምእንቲ ሕይወት ይቃለስ፥ ንሕይወት ይከላኸለላ፥ ሓንሳብ ምስተወልደ ጉዕዞ ሕይወት ንዝሓቶ ኲሉ ከማልእ ክቃለስ ንርእዮ። ኣብዚ ዓለም ምውላድ ማለት ብምንጪ ሕይወት ዝኾነ ኣምላኽ ውህበት ምቕባል ማለት እዩ። በዚ ምኽንያት እዩ ንሕይወት ክብሪ ዝውሃቦ፥ንሰብ ምኽባር ማለት ንኣምላኽ ምኽባር ማለት እዩ። ናይ ሰብ ክብረት ከይንዝንግዕ ልደት ኢየሱስ ፍሉይ መልእኽቲ ይህበና። ኲሉ ሰብ ህያብ እዩ ኣምላኽ ስለ ዝፈጠሮ ነዚ ህያብ ኣምላኽ ዝኾነ ፍጡር ክነፍቅሮ ክነኽብሮ ክንሕግዞ ተፍጥሮና እዩ ዝግድደና። ምርጫ ኣይኮነን ናይ ኣምላኽ ድለት እዩ።

ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ምውላድ ንደቂ ሰባት ናብ ኣምላኽ ምእንቲ ክምለሱ እዩ። ንሱ ንኹሎም ደቂ ሰብ ተስፋኦም ናይ ዕለታዊ ሕይወቶም መርሒ፥ ናባይኦም ክኸውን ናብዚ ዓለም መጸ። ብዙሕ ጊዜ ሓደ ሕፃን ምስ ተወልደ መጻኢ ሕይወቱ ክንግምት ኣጸጋሚ ኢዩ፥ ኣብ ናይ ኢየሱስ ግን ከምኡ ኣይኮነን ወንጌል ኣብ ምውላድ መስሕ ኲሉ ተሓጒሱ ይብለና። ሉቃስ ወንጌላዊ ንሱ መን ምዃኑ ንሱ ዘምጽኦ ለውጢ ይገልጽ። ኲሉ ብንጹር ተነጊሩ ንረኽቦ። ብዘይ ናይ ሉቃስ ወንጌል ብዙሕ ብዛዕባ ልደት መድሓኒ ምተረፈና፥ ንሱ ብዛዕባ ማርያም፥ ዮሴፍ፥ ጓሶት፥ መላእኽቲ ኲሉ ይነግረና። ናይ ሉቃስ ወንጌል ኣብ ሓጎስ ተስፋ ክንሳተፍ ይዕድመና። ኣብቲ ጸልማት ዝኾነ ሕይወትና ከምቶም ጓሶት ህያባትና ሒዝና ነቲ ህያብ ኣቦ ዝኾነ ሕፃን ነቲ ኣብ መብልዕ ማል ዝተወልደ ንብጽሖዮ።

ናይ ሉቃስ መጸዋዕታ ንዘመነት ንብዙሓት ዝበጽሐ ሎሚ ለይቲ ንኹልና ይበጽሓና ኣሎ። መጺእና ክነምልኾን ክንሰግደሉን፥ ናይ ኣምላኽ ምእንታና ውዳቒ ሕይወት ምልባሱ፥ናይ ኣምላኽ ትሕትናን ሕስረትን፥ ንኹሎም ደቁ ሰብ ዝተዋህበ ፍቕሪ ንምግላጽ እዩ።

ብምውላድ ኢየሱስ ሓዲስ ጉዕዞ እምነት ተጀሚሩ፥ ሓዲስ ኣቀራርባ ምስ ኣምላኽ ተጀሚሩ፥ ኣብ ነነድሕድና ዘሎና ርክብ ብሓዲስ ኣገባብ ክንክተሎ ተነጊሩና። እዚ ሕፃን ንኹልና መገዲ፥ ሓቂ፥ ሕይወት እዩ። በዚ ምኽንያት ኢና ዓመት ዓመት ዝኽሪ ልደት እንገብር።

ናይ ሎሚ ዓመት ልደት እንታይ ይሓተና። ኲልና ኣብ ልብና ተመሊስና ክነተኲረሉ ዘግብኣና ጉዳይ እዩ። ድኹማት ወደቕቲ ስለዝኾና ተሓድሶ ንሓዲስ ምረሻ የድልየና። ንዝሓለፈ ምሕረት እንሓተሉ ንእንጅምሮ ዘሎና እዋን ከአ ብመንፈስ ዝተወልደ ሕፃን ክንመርሖ መብጽዓ እንእትዎ እዋን እዩ።

ኣብ እዋናት ልደት ሓዲስ መምርሒ ሕይወት ክወጽእ ግቡእ እዩ፥ ንዓመት መመላእታ ክሕግዘና ምእንት እምብኣር ከም ቁምስና ብኸምዚ ዝስዕብ መንፈስን ድለትን ንጀምሮ፤

- ምስ ኲሉ ሰላም ምግባር፡ ሰላም መለለዪ ለደት እዩ፥ መላእኽቲ ኣብ ልደት መድሓኒ ቀዳማይ ኣዋጅም ሰላም እዩ ነሩ። ኣውጅቲ ሰላም ክንከውን። ዓለምና ዓድና፥ ሓዳራት፥ ሰባት ብሓበራ ሰላም ጸሚኦም ኣለዉ ስለዚ ንሰላም እስከ ንርከባ እሞ ናትና ንግበራ፥ ሰላም ጠፊኣትና ጸጊሙና ኣሎ።

- ሓልዮት ምግባር። ጓሶት ልደት መድሓኒ ምስ ተነግሮም ምስ ህያባቶም ቀሪቦሞ ካብቲ ዝተዋህቦም መባእ ክህቡ ንረኽቦም። ልደት ህያባት እንለዋወጠሉ ጊዜ እዩ፥ እቲ

ዝለዓለ ህያብና ክርስቶስ እዩ ናይ እዚ ምልክት ከኾነና አብ ነነድሕድና ህያብ ሰላም፥ፍቕሪ፥ ምሕረት፥ ሓልዮት፥ ክንወሃሃብ እዋኑ እዩ። ህያብ ምልክት ፍቕሪ እዩ ንህያብ ኩሉ ጊዜ ክትርእዮ ከሎኻ ፍሉይ ተዘክሮ የሕድረልካ። ነቲ ወሃቢ ተኽብሮ እንተ ኸአልካ ብዝያዳ ክትመልሰሉ ትሓስብ ምስኡ ኩሉ ጊዜ ብግብርን ሓሳብን ርክብ አሎካ። አብ ልደት ንምንጪ ህያብ ኢየሱስ ቀሪብና ንናይ ሎሚ ልደትና ብሰናይ መንፈስ ንጀምሮ።

- ንኹሉ አብ ልብኻ ምግባር። እዚ ካብ ማርያም እንምሃሮ እዩ። ንሳ ምስጢር ልደት መድሓኒ ምስ ተዓዘበት ሉቃስ ኩሉ አብ ልባ ትሕዞ ነበረት ይብለና። ንኹሉ አብ ልብኻ ክትሕዝ ከሎኻ ክብሪ አሎካ ምስጢር ነገራት ክትፈልጥ ትኽእል። ምስጢር እምነት ክንፈልጥ አብ ልብና ክንአቱ ግድን እዩ ምስ ዝነፈሰ ክንነፍ እንተኾና አብ ዓለምና ዘሎ ዘራጊቶ ውሑድ አይኮነን፥ ንአምላኽ አብ ጽሞና ሕይወትና ንርከቦ ምስጢር ሕይወትናን ምስጢር ጸዋዕታናን ክንርዳእ። ንአምላኽ አብ ጽምዋ ክንረኽቦ ንሱ ፍርቂ ለይቲ አብ ጽምዋ አብ ልብና ክአቱ ነቚሕና ንጽንሓዮ። ሽዑ አብ ልብናን ሕይወትናን ክሓድር እዩ።

ልደት ክርስቶስ ንኹልኹም ናይ ሰላም ፍቕሪ ምሕረት ክኾነልኩም እምነየልኩም በዚ አጋጣሚ ኸአ ንኾሎም ወልዲ ስድራቤት ብሓበራ ሰናይ ልደት ገሩ አብ ሃገርናን ዓለምናን ሰላም ዘውርድ ብፍላይ ንሃገርና ሰላም ዕርቂ ዝእውጅ ልደት ይግበረልና።

አባ ንጉሠ ፍሥሓ